# ኣሎ በርከት

1010-2006 ረ.ክ (ባሻይ)

ኣሎ በርከት ሓፋሽ ተላዒሉ
አዒሙ ዝጸንሐ ኣብ ጽላሉ
ጨራታት ረኺቡ በሪሁሉ
ኣሎ በርከት ኣጆኹም ጀጋኑ
ይበራበር ኣሎ ዝጸንሐ ደኒኑ
ሰሚዑኩም ከፊቱወን እዝኑ

ኣሎ በርከት ጕዳየን በሪሁ
መሲሉወን ጀጋኑ ዝፈርሁ
ደቂ ድኾን ቃቅ-ቃቕ ኢለን ደረሁ
ኩዒትካዮ ማይ ዘይብሉ ዒላ
ኣልቦ-ነገር እንታይ ክግልላ
ሻንኬሎ ትምለስ ጋው-ጋው ኢላ

ኣሎ በርከት ኣጆኹም ደረስቲ
ደቂ ዓደይ ደቂ’ዞም መጐትቲ
ደቂ ዛግራ ደቂ’ዘን ነቀውቲ
ደቂ እምባ ግመ ዝኸበቦ
ደቂ ሕጻ ዓካት ዝርከቦ
ደቂ ባሕሪ ዓሳ ዝሕምበቦ

ኣሎ በርከት በልዎ ’ቲ ድርሰት
ኣቦኹም ዲዩ ኣዴኹም ዘጽቀጠት
ኣይመንገዱን ናይ እንዳመን ፍኹሰት
ዓሻ እንተ ጽሓፈ ክዛረብ ይጋገ
ኣብ ውሻጠ ኣለና የብልናና ኣብ ደገ
ሓድሽ ይብል እሞ ዳሕራይ ዝኣረገ

ልቦም ዝተደፍነ ዘይከውን ዝመኽሩ
ብሓንሳብ ክበልዑ ያኢ ክድረሩ
መኾስ ከናድዩ ሽጕርቶም የሕርሩ
ዓሻ ሰበይቲ ጀልጋፍ ’ዝኽዳና
ፍርቁ ናብ መሬት ፍርቁ ናብ ዝባና
ምስ ሰብኣያ ትብኣስ ብሳምና

እንታይ’ዩ ክርከብ እንታይ’ዩ ክኽሰብ
እንዳ ቆንጠጠፈ እንዳ ኣሻኹ ገረብ
ኣብ ሩባ ደቂስካ ውሕጅ መረብ
ኣሎ በርከት ወልዕዎ ሽምዓ
እቲ ሰፊሕ ዳስ ናይ ጀጋኑ መርዓ
ከዳዕ ሳንቡእ ተስተንፍስ እንቅዓ!!!